ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ حزب النهضه الإرتري

Eritrean Renaissance party

# ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ ፥ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት ኣመልኪቱ፡ ንሰላም ይጽውዕ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዕለት 3 ሕዳር፡ 2020 ኣብ መንጎ ምምሕዳር ክልል ትግራይን ሰራዊት ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተባረዐ ኲናት ፤ ይቕጽልን ይሰፍሕን ኣብ ዘለወሉ ንከባቢናን ዞባናን ኣሻቒሉ ምህላዉ ኲልና ፡ንሰምዖን ንዕዘብን ኣለና ።

ኣቀዲምና ክንከታተሎ ከምዝጸናሕና፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዘሻቕልን ሓደገኛን ዝኾነ ምዕባሌታት ፖለቲካዊ ቅልውላውን፡ ናይ ምትፍናን ሃውሃው፡ ናዕብታትን ዘይምርግጋእን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ምምሕዳር ክልል ትግራይን መሪሕነቱ ህወሓትን፡ ኣብ መንጎ እቲ ብዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ዝምራሕ ፈደራላዊ መንግስትን ክምዕብል ጸኒሑ። እዚ ሓደጋ ዘይምርግጋእ ንመላእ ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ካብኡ ሓሊፉ’ው ናብ ዝሰፍሐ ዞባታት ክዝርጋሕ ዝኽእል ሳዕቤናትን ጽልዋታትን ክህልዎ ከምዝኽእል ርዱእ ነይሩ። ብተወሳኺ ንርግኣት፡ ድሕነትን ሉኣላውነትን ኤርትራ ክብድህ ከምዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ፡ ኣብ ዕለት 17 ጥቅምቲ ፡ ነዚ ኣመልኪቱ ንብዙሓት ፖለቲካውያን ሓይልታት፡ ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ማዕከናት ዜናን ብምዕዳም፡ ሓደ ሰፊሕ ህዝባዊ ናይ ዘተ መኣዲ ኣካዪዱ። ኣብቲ ዘተ ብዛዕባ ተኽእሎ ክስተት ውግእ ህሉው ምንባሩ ፡ ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ነዚ ሓደጋ ኣብኣጊኡ ንኽእለ ሓሳብ ኣቕሪቡ።

እነሆ ድማ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታ፡ እቲ ዝፈራህናዮ ናይ ውግእ ሃዋህዋን ኩነታትን ክዉን ኮይኑ። እዚ ውግእ ኣብ መንጎ ክልተ ተቀናቀንቲ ወገናት ናይ ሓደ ሃገር ይፍጸም ኣሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ብናይ ተፈጥሮ ሓደጋታት ግዳይ ዝኾኑን፡ ከምኡ’ውን ብሳዕቤን፡ ኲናት፡ ብለበዳ ሕማምን ወራር ኣምበጣን ካልእን ዝተዳኸሙ ሕብረተ-ሰባት ይካይድ ብምህላዉ፡ ሳዕቤኑ ጥሜት፡ ስደትን ጃምላዊ ህልቂት፡ ምብትታንን ምፍራስን ቅርጽታት መንግስትን ሃገርን፡ ምምዝባል ሕብረተ-ሰባትን፡ ወዘተ. . ከምዝኸውን ንምግማቱ ኣየሸግርን። ብተወሳኺ እዚ ውግእ’ዚ ንኤርትራ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ብቐጥታ ይጸልዋ።

1/ ናህሪ ጥፍኣትን ዘይምርግጋእን ንሃገርና ይጸልዋ፡ ኢትዮጵያ ልዕሊ 108 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ብምዃና፡ ካብኣ ዝብገስ ፖለቲካዊ ማዕበል ወይ ሱናሚ፡ ከም ምምዝባልን ስደትን ኣህዛብ፡ በርጌሳዊ ግጭታት፡ ምብትታን ሃገር፡ ዋሕዚ ስደተኛታት ናብ ሃገርና፡ ኤርትራን መላእ ዞባናን ፡ከም ማዕበል ዝጸልወና ምዃኑ ዘየጠራጥር ኢዩ።

2ይ- ውልቀ-ምልካዊ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ብቓልዕ፡ጉዳይ ኢትዮጵያ ብቐጥታ ስለዝምልከተኒ፡ ኢደይ ኣጣሚረ ኣይርእን ኢየ ምባሉ ናይ ቀረባ ተዘክሮ ኢዩ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ንሱ ዘካይዶን ዝዋስኦን ዘሎ፡ ናይ ፕሮፓጋንዳን ምፍርራህን ወፍርን ናይ ውግእ ምቅርራባትን ብሩህ መረጋገጺ ናይቲ ዘይተርፍ፡ ኣብ ቀጻሊ ወይ’ውን ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ ተኻፋልነቱን ምትእትታዉን ኣብዚ ውግእ ኢዩ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላው፡ ሻቕሎትን ጭንቀትን፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ጸገማት ኣጋጢሙዎ ኣብ ዘሎ እዋን፡ እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ውግእ ንህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ሃሳዪ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

ብተወሳኺ ህዝቢ ኤርትራ ብምኽንያት ናይዚ ሰፊኑ ዘሎ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስን ወራር ኣንበጣን ሕጽረት መግብን፡ በቲ ምልካዊ ስርዓት ብዘካይዶ ዘሎ ዓፋኒ ምዕጻውን ስራሕን ምኽልካል ንቡር ቁጠባዊ ንጥፈታቱን ኣብ መነባብሮኡ ስእነትን ሕሰምን የሳቕዮ ኣብ ዘለውሉ ወቕቲ፡ ዝኾነ ካልእ ተወሳኺ ጸገም ክጻወር ኣይክእልን ኢዩ። ውግእ ማለት ጥፍኣት ሃገርን ብርሰት ህዝብን ከም ዝኸውን ዘየማትእ ኢዩ። ካብዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ኩነታት ብምብጋስ ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ፡ ናይ ሰላም ጻውዒቱ የቕርብ።

1ይ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብጠቕላላ፡ ታሪኽ ሃገርካን ብምፍታሽን፡ ፍቕሪ ህዝብኻን ድሕነቱን ብምቕዳምን፡ ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ተርእዮ ኲናት ብልቦና ኣስተውዒልካ ብምምርማር፡ ኲነታት ኣንፈቱ ኣጥፊኡ ናብ ዘይዕረ ደረጃ ከይበጽሐ ኸሎ፡ ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ደማዊ ግርጭት ብህድኣትን ትዕግስትን ብዘተ ክትፈትሖን መዕገቲ ክትግበረሉን ንላቦ።

ብምቕጻል ልዕሊ ኩሉ ንኽልቲኦም ተቐናቐንቲ ወገናት ክንብሎም እንደሊ፡ እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ብረታዊ ግጭት ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ውጽኢቱ ህልቂትን ምጥፋእ ንጹሃት ዜጋታትን፡ ምዕናው ንብረትን ጸጋታትን ሃገር፡ ከምኡ’ውን ኣብ ህዝቢ ድኽነትን ስደትን ዘስዕብ ስለዝኾነ፡ ሓላፍነትኩም ተሰኪምኩም ነዚ ንምክልኻል ብህድኣት ጻዕሪ ከተካይዱ ንምሕጻነኩም።

2ይ እዚ ውግእ ሰዓርን ተሰዓርን ዘይብሉን፡ ናይ መወዳእታ መዕለቢኡ ዘይፍለጥን  ስለዝኾነ፡ ብሓፈሻኡ’ውን ከም መብዛሕትኡ ውግኣት ኣብ መጨረሻ ብዘተ (ወይ ዝርርብ) ስለዝድምደሙን፡ ከምኡ’ውን ኣብ መንነ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ይካየድ ስለዘሎን፡ ብዕርቂ ክፍታሕ ስለዝግብኦን፡ ዛጊት ብዙሕ ዕንወትን ህልቂትን ከየኸተለ ኸሎ ብኣግኡ ብሰላም ክፍታሕ ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ ይጽውዕ።

ንህዝቢ ኤርትራ ፡ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ተወሊዑ ዘሎ ኲናት፡ ኣብ መንነ ዜጋታት ጎረቤት ሃገር ዝተጋህደ ስለዝኾነ፡ ብቐጥታ ዝምልከቶ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ህዝብና ነዚ ብሰንኪ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ወሪዱዎ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ብድሆታት፡ ከምኡ’ውን ተፈጥሮኣዊ ሽግራት ንምብዳህ፡ ተሓባቢሩ ክሰርሕን፡ ነዚ ዝሓለፎ ዘሎ ኣዝዩ ኣሰካፊ ዝኾነ ሕማቕ እዋን ብምድግጋፍ ክሰግሮ ንጽውዕ።ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብመሪር ቃልስን ረዚን መስዋእትን ዝጨበጦ ናጽነትን ልኣላውነት ሃገርን፡ ከምቲ ዝግባእ ከየስተማቐረ ዳግማይ ናብ ሕሰምን ጭቆናን ተሸሚሙ፡ ጻማኡን ዓሰቡን ኣይረኸበን። ኣብ ከምዚ ኲነታት እናሃለወ፡ ናብ ሓድሽ ኲናትን ዕንወትን ኪቃላዕ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኲነት ክፍቀድ ኣይግባእን። ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሓላፍነት ሃገርን ሓልዮት ህዝብን ተሰሚዑዎ ስለዘይፈልጥ፡ ሎሚ ከምቲ ናይ 1998 ዝመሳሰል ዕንደራዊ ግጭትን ጥፍኣትን ንምድጋም፡ ዝተንብጠ መሬትና ምምላስ ብዝብል ፍሹል ምስምስ፡ ዳግማይ ኲናት ንምኽፋት ይሸባሸብ ኣሎ።  ጉዳይ ዶብን ዘይተመልሰ መሬት ሃገርን ግዝይኡ ሓልዩ፡ በቲ ዝግብኦ መስመር ክፍታሕ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ነዚ ህዝቢ ብንቕሓት፡ ትኩርነትን ሓድነትን ክምክቶን፡ ካብቲ ዝሓለፈ ዕንወት፡ ሕሰምን መከራን ክመሃርን ይግባእ።

ንሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ከነመሓላልፎ እንደሊ መልእኽቲ፡ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ውግእ፡ ንሃገርና ኤርትራ ብቀጥታ ዝምልከት ስለዘይኮነ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኲነታት፡ ብዘይካ ሃገርን ዶብን ንምክልኻልን ሉኣላውነቱን ንምሕላውን፡ ኢዱ ከየእቱ ንጽውዕ። መሳርሒ ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ብምዃን፡ ኣብ ናቱ መጻወድያ ከይኣቱን፡ ህይወት ንጹሃት መንእሰያትና ንብላሽ ከይጠፍእ ክከላኸልን፡ እቲ ስርዓት ብዘቕርቦ ምስምስ ከይተታለለ ንሃገሩ ኪከላኸልን፡ ነቲ ምዕባሌታ ብንቕሓትን ትኩረትን ኪሕዞን፡ ከምኡ’ውን ምስቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ኤርትራዊ ደላይ ፍትሒ ደው ብምባል ንኲነታት ብንቕሓትን ልቦናን ክከታተልን ንጽውዕ።

ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ

ሕዳር 10 2020